መራኸቢ ሓበሬታ፡-

ቤት ጽሕፈት 0470-58 32 80
ማእከል ተገልገልቲ (ኩንድሰንተር) 0771-76 70 76
kundcenter@lanstrafikenkron.se

Region Kronoberg
Länstrafiken Kronoberg
351 88 Växjö

ካብን ናብን ማእከላት ላገልግሎት ጥዕና ዚግበሩ ናጻ ጉዕዞታት

ጉዕዞ ብኣውቶቡስ

ናብ ላገልግሎት ሕክምና ከትከይድ ከለኻ፡ ዝተዋህበካ መጸዋዕታ፡ ካብ ሕክምና ከትምለስ ከለኻ ካኣ ናይ ዝኸፈልካሉ ቅብሊት ሓኪም ንዘዋሪ ኣውቶቡስ እንተ ኣርኢኻ፡ ብናጻ ክትጉዓዝ ይፍቀደካ’ዩ። መጸዋዕታ እንተ ዘይብልካ ወይ ከተርእዮ እንተ ዘይደሊኻ፡ ብጥረ ገንዘብ ከፈልካ ነቲ ትኪት ምስ ናይ ሓኪም ቅብሊት ኣሰኒኻ ናብ Region Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö ትልእኮ። ዞና ከሮኖበሪ ናይቲ ሓቀኛ ዋጋ ጉዕዞ ኣውቶቡስ ጥራይ’ዩ ዚኽሕስ፤ ማለት፡ ብመኽፈሊ ካርድ ወይ ብሬስካሳ ዚኽፈል ወጻኢ። ኣብ ኣውቶቡስ ብጥረ ገንዘብ ንጽል ትኪት እንተ ዝኢኻ፡ ለንስትራፊክን ነቲ ብላዕሊ ዚኽፈል መወሰኽታ 20 ከሮኖር ኣይክሕሰካ ን’ዩ።

ጉዕዞ ብባቡር

ናብ ሕክምና ብባቡር ከትጉዓዝ ትመርጽ እንተ ኾይንካ፡ ትኪትካ ቅድሚ ንቐሎ ግድን ከትገዝኦ ኣለካ። ናይ ትኪትካ ካሕሳ ከትረክብ፡ ምስ ቅብሊት ላገልግሎት ሕክምና ኣሰኒኻ ናብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ትሰዶ፡- Region Kronoberg, Serviceresor, 351 88 Växjö

ናብ ማእከል ላገልግሎት ጥዕና ወይ ናብ ላገልግሎት ሕክምና ኪኽይድ መጸዋዕታ ዚመጸ በጽሒ ሰብ፡ 6 ዓመት ወይ ትሕቲኡ ዝዕድመኣም ከልተ ቁልዑ ብናጻ ኪማላእ መሰል ኣሎዎ። ብዓረ ብያ ዚጉዓዙ ቁልዑ ቦታ ከከም ዝተረኽበሉ ምምላእ ይኽኣል።

ምፍላጡ ጽቡቕ

ዓረብያ ቁልዓ - ቦታ ከከም ዝተረኽበሉ፡ ዓረብያ ቁልዓ ብናጻ ምምላእ ይኽኣል። ቁልዓ ንም ጉዓዝ ዘይኮነ ኣብ ካልእ መዓላ ዘገልግል ዓረብያ ቁልዓ ልክዕ ከም ዋጋ ጉዕዞ ቼልዑ/መንእሰያት ክፍሊት ይኽፈሎ።

ሽግለታ - ቦታ ከከም ዝተረኽበሉ፡ ልሙድቲ ክልተ ዝእማራ ሽግለታ (ሓደ ተጓዓዚ ሓደ ሽግለታ) ኣብ ኣውቶቡስ ሬግዮንቡስን (Regionbuss) ኣብ ባቡርን ምምላእ ይኽኣል’ዩ።

ንሽግለታ ዚኽፈል ክፍሊት ልክዕ ከም ንቼልዑ/መንእሰያት’ዩ።

ቀጽጽር ትኪት/ተወሳኺ ክፍሊት - ቀጽጽር ትኪት ኪግበር ከሎ፡ ትኪት እንተ ዘይሓ ዝኾ፡ ወይ ዝሓዝኮዮ ትኪት ግቡይ እንተ ኾይኑ፡ 1000 ተወሳኺ ክፍሊት ክትከፍል ትግደድ።

እንስሳ ዘቢት - ክልቢ፡ ድሙ ወይ ካልእ ንእስ ዝበለ እንስሳ ዘቢት ንተጓዓዝቲ ብዘየሸግር ኣገባብ ብናጻ ምሳኻ ምምላእ ይኽኣል’ዩ። እንስሳታት ኣብ እዋን ጉዕዞ ተኣሊሮም ወይ ኣብ ቦርሳ ወይ ኣብ ጋብያ ተታሒዞም ኪጐዓዙ ኣሎዎም።

እንስሳታት ኣብ ኮፍ መበሊ ምቕማጥ ኣይፍቀድን’ዩ።

ባልጃ ኢድ - ብዘይ ጸገም ክትስከም እት’ኽእል ባልጃ ኢድ ምሳኻ ብናጻ ክትማላእ ት’ኽእል ኢኻ። ባልጃ ኢድ፡ ንመተሓላለፊ ተጓዓዝቲ ኪዓጹ ወይ ኣብ ኮፍ መበሊ ቦታ ኪቕመጥ የብሉ።

ሽጋራ ምትካኽ - ኣብ ኣውቶቡስ፡ ኣብ ባቡር፡ ኣብ መጸበዩ ኣደራሻት ወይ ኣብ መዕቀሊ ቦታ፡ ሽጋር ምትካኽ (e-cigarett) ኤ-ሲጋረት ምትካኽ ክይተረፈ ክልኩል’ዩ።

ዋጋንጽል ጉዕዞ ብከሮኖር ኣውቶቡስን ባቡርን

	መደበኛ ዋጋ ንጽል ጉዕዞ			ሬስካሳ (Reskassa) ኣውቶቡስን ባቡርን		
ቀጽሪ ዞናታት	ቁልዑ/መን እሰያት 0-19 ዓመት	ኣባጽሕ ካብ 20 ዓመት	ጽምዲ/ ሰድራ	ቁልዑ/መን እሰያት 0-19 ዓመት	ኣባጽሕ ካብ 20 ዓመት	ጽምዲ/ ሰድራ
1	16	27	49	12,80	21,60	39,20
2	22	37	67	17,60	29,60	53,60
3	29	49	88	23,20	39,20	70,40
4	37	61	110	29,60	48,80	88,00
5	44	73	131	35,20	58,40	104,80
6	51	85	153	40,80	68,00	122,40
7	59	99	178	47,20	79.20	142,40
8	69	115	207	55,20	92,00	165,60
9	75	125	225	60,00	100,00	180,00
10	82	137	247	65,60	109.60	197,60
11	89	149	268	71,20	119,20	214,40
12+	99	165	297	79,20	132,00	237,60

ቀወምቲ ቦታታት መሸጣ

- Alvesta – Pressbyrån (ኣልቨስታ – ፕረስቢሮን)
- Hovmantorp – Hovmantorp café & kök (ሁቨማንቶርፕ – ሁቨማንቶርፕ ካፈ ኦ ሸኽ)
- Lessebo – COOP (ለሰቦ – ኩፕ)
- Lenhovda – COOP (ሌንሁቨዳ – ኩፕ)
- Ljungby – Willys (ዩንግቢ – ዊሊስ)
- Markaryd – COOP (ማርካሪድ – ኩፕ)
- Tingsryd – Börjes (ቲንግስሪድ – ቦርየስ)
- ዌክሾ – ለንስትራፊክን ከሮኖበሪስ ኩንድሰንተር፡ ፕረስቢሮወርና (Länstrafiken Kronobergs Kundcenter, Pressbyrâerna), ኩፕ ዳልቦ፡ ኢካ ማክሲ ግራንድ ሳማርካንድ (COOP Dalbo, ICA Maxi Grand Samarkand)
- Åseda – COOP (ኦሴዳ – ኩፕ)
- Älmhult – Sydresor (ኤልምሁልት – ሲድሬሱር)

ትግርኛ Tigrinja

ጉዕዞ ብሌንስትራፊክን ክሮኖበሪ (Länstrafiken Kronoberg) – ኣውቶቡስን ባቡርን።

Länstrafiken Kronoberg

ዝተፈላለዩ ትኬታት ጉዕዞ

ዝተፈላለዩ ትኬታት ጉዕዞ ኣሎዉና፤ እቲ ንዓኻ ዚሰማምዓካ ምረጽ

ንጽል ትኬት

ነቶም ሓደሓደ ሳዕ ጥራይ ዚጉዓዙ ወይ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዚጉዓዙ።

ንጽል ትኬት፡ ብትኬት ሞባይል፡ ብመኽፈሊ ካርድ (Visa/Mastercard)፡ ብሬሰኩርተት ፈስካሳ (Resekortet reskassa)፡ ብጥሪ ገንዘብ ምኽፋል ይከኣል።

‘ሬሰኩርተት ፐርዩድ’ (Resekortet period)

ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ኣብ መንነ ከልተ ቦታታት ዘለኖ መስመር ጉዕዞ ን30 መዓልቲ ብናጻ ትጉዓዝ። ነባጽሕ፡ ንቁልዑ/መንእሰያትን ተመሃሮን ዜገልግል ‘ፐርዩድኩርት’ (Periodkort) ኣሎ።

ምድባት ትኬትን/ገደባት ዕድመን

ኣባጽሕ ኣብ መደበኛ ትኬት፡ ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ይምልከት።

ቁልዑ/መንእሰያት ክሳዕ 19 ዓመት ዕድመ፡ 40 % ናይ መደበኛ ትኬት ቅነሳ ዋጋ ይህልምዎ።

ተጓዓዝቲ፡ ኣብታ 20 ዓመት ዚመልኡላ መዓልቲ ጉጅለ ዕድመ ይቐይሩ። ምፍላይ ዕድመ ኣብ ዘጠራጥር እዋን ወረቐት መንነት ይረእ፤ ካብኡ ዝተረፈ ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ጉጅለ ዕድመ ክፍሊት ይኽፈል። ናብ ዴንማርክ ኣብ ዚሃበሩ ጉዕዞታት፡ ድሮ ካብ 16 ዓመት ዕድመ ኢኻ ከም በጽሒ ትቖጸር።

ቁልዑ ደቂ 0–6 ዓመት ንኽፈሉ ዚጉዓዝ በጽሒ ተጓዓዚ ከሰንዩ ከለዉ ከይከፈሉ ብናጻ ይጉዓዙ (ሓደ ዚኽፍል በጽሒ እንተ በዝሑ ከልተ ቁልዑ ምስኡ ይማላእ)። ከም ትኬት በጽሒ ዚጽብጸቡ፡ ንጽል ትኬት፡ ሬሰኩርተት ፐርዩድ ኣባጽሕ (Resekortet period vuxen)፡ ሬሰኩርተት ፐርዩድ ተመሃሮ (Resekortet period student) ኢያቶም። ቁልዑ፡ ከፈሉ ዚጉዓዝ ተጓዓዚ እንተ ዘይኣሰኒዩም፡ ናይ ቁልዑ/መንእሰያት ትኬት ይኽፍሉ።

ተጓዓዝቲ፡ ኣብታ 7 ዓመት ዚመልኡላ መዓልቲ ጉጅለ ዕድመ ይቐይሩ። ምፍላይ ዕድመ ኣብ ዘጠራጥር እዋን ወረቐት መንነት ይረእ፤ ካብኡ ዝተረፈ ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ጉጅለ ዕድመ ክፍሊት ይኽፈል።

ትኬት ጽምዲ/ስድራ (Duo/Familj)

ትኬት ጽምዲ/ስድራ ዝዚእኹም ብዚያዳ ሕሱር ዋጋ ትጉዓዙ።

እዚ ትኬት፡ ቑጽርም ክሳዕ ሓመሽተ ንዚበጽሑ ተጓዓዝቲ (ካብኣቶም እንተ በዝሑ ክልተ ኣባጽሕ) የዕልግሉ። እቲ ዋጋ፡ ካብ ክልተ ትኬት ኣባጽሕ ብ10 % ይሓስር።

እቲ ትኬት፡ ኣብ ኣውቶቡሳትን ቦታታት መሸጣን፡ ከም ትኬት ሞባይል፡ ከም ትኬት ኣውቶ ማት ኪግዛእ ይኽእል።

እቲ ትኬት ብሬሰኩሳ (reskassa) እንተ ዝዚእኮ፡ 20 % ቅናስ ዋጋ ይግበረልካ።

ትኬት ጽምዲ/ስድራ፡ ሓቢሮም ንዚጉዓዙ ክልተ ኣባጽሕ የዋጽኦም።

ንጽል ትኬት

ነቶም መዓልቲ-መዓልቲ ዘይጉዓዙ ወይ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዚጉዓዙ የዕልግል።

እቲ ዋጋ ንጽል ትኬት፡ በቲ ቑጽሪ ናይቲ እትጉዓዘሉ ዞናታትን ዕድመ ተጓዓዚይን ይውሰን። ኣብ ውሽጢ ከተማ ቨክሾ ዚግበር ጉዕዞ ናይ ዞና 1 ዋጋ ይኽፈሎ።

ሬሰኩርተት ሬስካሳን ፐርዩድን (Resekortet reskassa och period)

ሬሰኩርት (Resekort)

ሬሰኩርተት ውልቃዊ መጉዓዚ ኣይኮነን፤ ነቲ ካርድ ኣብ ዘይትጥቀመሉ እዋን፡ ንፈተውትኻ ወይ ንኣባላት ስድራኻ ከተለቅሖም ትኽእል ኢኻ። ሬሰኩርተት መጉዓዚኻ‘ዩ፤ ኣብ እዋን ጉዕዞኻ ከኣ ከሎሳዕ ምሳኻ ተማልኣዮ። ሬሰኩርተት፡ ወይ ብፐርዩድ ወይ ብሬስካሳ፡ ወይከኣ ብኽልቲኡ ክትጽዕኖ ትኽእል።

ሬስካሳ (Reskassa)

ናይ ሬሰኩርት ሬስካሳ ዝኣካ፡ በብሚእቲ (እንተ ወሓደ 100 ኮሮኖ) ትጽዕኖ። ንጽል ትኬት ብሬስካሳ ክትገዝእ ከለኻ፡ ካብቲ ምዱብ ዋጋ 20 % ቅናስ ትረኽቡሉ።

ሬሰኩርተት ፔርዩድ (Resekortet period) 30 መዓልቲ

- ነቶም መዓልቲ-መዓልቲ ብሰራዕ ዚጉዓዙ !

ሬሰኩርተት ኣብቲ ዝመረጽካዮ መስመር ጉዕዞ ን30 መዓልቲ ኪገልግለካ ብፐርዩድ ክትጽዕኖ ትኽእል። ኣብቲ ከባቢ ዶብ ኣውራጃ ረኒጽካ እንዳተመላለስካ ትጉዓዝ እንተ ኾይንካ፡ ሬሰኩርተት ክትጥቀም ትኽእል። ብኣውቶቡስ ወይ ብኣውቶቡስን ባቡርን ክትጉዓዝ እትውስን‘ውን ባዕልኻ ኢኻ።

ብፐርዮድ ዝተጻዕነ ሬሰኩርት፡ እንተ ተጀሚሩ (aktiverad period) ጥራይ‘ዩ ከም ቅቡል ዚቑጸር። ሓደ ፐርዩድ ኣብ ኣውቶቡስ፡ ኣቦታታት መሸጣናን ኣብ መደበር ባቡር ዚርከብ ኣውቶማት ትኬትን ኪጅመር ይኽእል።

0-19 ዓመት ዝዕድመኹም ቁልዑ/መንእሰያት

– ብ25 % ቅናስ ሬሰኩርተት ፐርዩድ ክትገዝኡ ትኽእሉ።

ብፐርዩድ ቁልዑ/መንእሰያት ኣብ ዚግበር ጉዕዞ፡ ዕድመ ንምርግጋጽ ወረቐት መንነት ይረኣ።

ነቶም ኣትመሃሩ

ምልክት ጉዕዞ ተመሃሮ

– 25 % ቅናስ ዋጋ ሬሰኩርተት ፐርዩድ ንህበኩም።

መሰናትኩርት (Mecenatkort) ዘሎዎም ሬሰኩርተት ፐርዩድ ተመሃሮ (Resekort Period Student) ይጥቀሙ።

ወይከኣ ኣብ ሞባይል ኣፕ ናይ ቅናስ ዋጋ ተመሃሮ ምልክት ዘለዎ ስቱደንትኩርተት (Studentkortet)።

ንቑናስ ዋጋ ተመሃሮ መሰል ኪህልወካ፡-

ኣብ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣብ ኮሌጅ ወይ ኣብ ኮምቩክስ ደገፍ ተመሃሮ ዘውህብ ትምህርቲ ኣትመሃር ከትከውን ኣለካ። ኣብ ሓደ መንፈቕ ትምህርቲ፡ ኣብ እንተ ወሓዳ 10 ተኽታተልቲ ሰሙናት፡ እንተ ወሓደ 50 % ኣትመሃር ክትከውን ኣለካ።

ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ቑጽጽር ትኬት ኣብ ዚግበረሉ እዋን፡ ምልክት መጓዓዝያ ተመሃሮ ዘሎዎ ቅቡል ምስክር ወረቐት ተመሃሮ፡ ምስ ስእሊ ዘሎዎ ወረቐት መንነት ከተርኢ ክትከእል ኣለካ።

ንጉዕዞ ኣውቶቡስ በዚ ዚሰዕብ ኣገባብ ትኽፍል፡-

- ብፐርዩድ ከምኡውን/ወይ ብሬስካሳ ዝተጻዕነ ሬሰኩርተት
- ብመኽፈሊ ካርድ። ኣብ ኮላተን ኣውቶቡሳት ለንስትራፊክን ክሮኖበሪ፡ ንመኽፈሊ ካርድ ዘገልግላ ተርሚናላት ኣለዋ። እዚ ከኣ ንማስተርካርድን ቪሳን (MasterCard och VISA) ይምልከት።
- ብትኬት ሞባይል ብለንስትራፊክን ክሮኖበሪ (Länstrafiken Kronoberg) ዚፍለጥ ኣፕና ተጠቒምካ ትኬት ግዛእ ፈለማ ግዜ ትኬት ሞባይል ክትገዝእ ከለኻ፡ መኽፈሊ ካርድኻ፡ ማለት ማስተርካርድ፡ ቪሳ ወይከኣ ኣገልግሎት ፋክቶራ ከላርና ምምዝጋብ ክድልየካ‘ዩ። እዚኽኣ፡ ሓደሓደ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ሞባይካ ብምምላእ ኢኻ ተሳልጦ። ትኬት ሞባይል እንተ ቀልጠ ፍካ 20 ደቒቕ ቅድሚ ንቐሎ ኢኻ ክትገዝእ ትኽእል። እቲ ትኬት ግድን ቅድሚ ኣብ ኣውቶቡስ ምድያብካ ትገዝኡ።
- ብጥሪ ገንዘብ ኣብ ኣውቶቡስ። ኣብ ኮሎ‘ቲ ኣብ ኣውቶቡስ ዚግበር ከፍሊታት ዚኽፈል ተወሳኺ 20 ክሮኖር ኣሎ። ብመኽፈሊ ካርድ፡ ብሞባይል ወይ ብረሰኩርተት ኣብ ዚግበሩ ከፍሊታት ግን ተወሳኺ ዚኽፈል የልቦን።
- ንእሚረ-መንገዲ ጉዕዞኻ፡ ኣብ ማእከል ተገልገሊቲ (ኩንድሰንተር) ወይ ኣብ ኣብያተ መሸጣታ ትና እውን ትኬት ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

ንጉዕዞ ባቡር በዚ ዚሰዕብ ኣገባብ ትኽፍል፡-

ኣብ ባቡር ኦረሱንድ ወይ ኣብ ባቡር ክሮሳ

- ብፐርዩድ ዝተጻዕነ ሬሰኩርተት
- ብፈስካሳ ዝተጻዕነ ሬሰኩርተት እቲ ትኬትካ ቅድሚ ኣብ ባቡር ምድያብካ ግዛእዮ። ንእሚረ-መንገዲ ጉዕዞኻ፡ ኣብ ማእከል ተገልገሊቲ (ኩንድሰንተር) ወይ ኣብ ኣብያተ መሸጣታትና እውን ትኬት ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ መድረኽ ባቡር ዚርከብ ኣውቶማት ትኬት። እቲ ትኬትካ ቅድሚ ኣብ ባቡር ምድያብካ ግዛእዮ። ብሬሰኩርተት ሬስካሳ ወይ ብመኽፈሊ ካርድ (VISA/MasterCard/Diners/American Express) ክትከፍል ትኽእል።

ኣውቶማት ትኬት፡ ኣብ ኩላተን መደበራት ባቡር ‘ሳ ዞባ ይርከባ።

‘ሚና ሲዱር’ (Mina sidor) ዚያዳ ዕድላት ኣሎዎ።

‘ሚና ሲዱር’ (Mina sidor) ኣብ መካነ መርበብና ዘሎ ዝተፈላለዩ ዕድላትን ኣድማዕቲ ኣገልግሎታትን ዚርከበሉ ናጻ ኣገልግሎት‘ዩ። ሽወደናዊ መለለዩ ቑጽሪ መንነት (ፐርሾንኑመር) የድል የኽ። ብሚናሲዱር ረሰኩርትኻ ኣብ እትገዝኦሉ ወይ ኣብ እትጽዕነሉ ግዜ፡ 10 % ቅናስ ዋጋ ወይ 10 % ዚያዳ ረብሓ ትረክብ። ናይ ምጥፋእ ውሕስነት (tappa-bort-garanti) ኪህልወካ ሬሰ ኩርትኻ ኣመዝግቦ።

ኣስተውዕል! ብሚናሲዱር ሬሰኩርትኻ ክትጽዕን ከለኻ ክሳዕ 24 ሰዓታት ኣቢሉ ኪወስድ ይኽእል።

ብሚናሲዱር ሬሰኩርትኻ ምስ ጸዓንካ እቲ ዝጸዓንካዮ ኣብ ካርድኻ ይጸንሓልካ። ዝጸዓንካዮ ንም ጅማር፡ እቲ ጉዕዞ ግድን ኣብ ዞባ ክሮኖበሪ ክትገብሮ ኣለካ። ብድሕሪኡ፡ ነቲ ካርድ ካብቲ ዞባ ወጻኢ ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ዚያዳ ሓበሬታ ኣብ anstrafikenkron.se/minasidor ኣንብብ።

መጉዓዚ ኣፕ (Reseapp)

በቲ ለንስትራፊክን ክሮኖበሪ Länstrafiken Kronoberg ተባሂሉ ዚፍለጥ ኣፕ፡ ትኬት ሞባይል ክትገዝእ፡ ሓበሬታ ጉዕዞታት ክተናዲ፡ ኣብ ካርታ መዕርፎ ቦታ፡ ኣውቶቡሳት ክትርኢ፡ ካብ መንቀሊ ቦታታት ጉዕዞታት ክተናዲ ትኽእል። ነቲ ኣፕ ካብ ኣፕስቶር (App Store) ወይ ካብ ፕለይ ቡቲክ (Play Butik) ኣውርዶ።

ዝጠፍኣ ወይ ዝተበላሸወ ካርድን ምምላስ ካርድን

ንስኻ ከም ተጓዓዚይ መጠን ኢኻ ኣብ ረሰኩርትኻ ሓላፍነት ኣትስከም። ካርድኻ ብምኽን ያት ቴክኒካዊ ጸገም ዘይሰርሕ እንተ ኾይኑ፡ ካርድ ኣብ ኩንድሰንተር ወይ ኣብ ቤተ ጽሕፈት ብናጻ ንቐይረልካ።

ካርድኻ እንተ ኣጥፊእካዮ፡ ኣቐዲምካ ኣብ ሚና ሲዱር ኣመዝጊብካዮ እንተ ኾርካ ጥራይ ኢና ንትክእልካ።

ብጥሪ ገንዘብ ወይ ብሬስካሳ ዚግዛእ ቲኬት ኣይምለስንን‘ዩ።

ቅሙጥ ፐርዩድ ዘሎዎ ሬሰኩርት፡ ኣብ ኩንድሰንተር 50 ክሮኖር መሳለጢ ክፍሊት ክፈልካ ይምለሰልካ።

ናይ ቅሙጥ ፐርዩድ ዞና ንምቐያር ወይ ናብ ዝኸበረ ካርድ ንምስግጋር ብዘይ መሳለጢ ክፍሊት ይግበር።

ዝተጀመረ ፐርዩድ ናብ ዝኸበረ ካርድ ንምትካእ ይክእል‘ዩ፤ ግን እቲ ዘገልግለሉ ዕለት ኣይቀርን‘ዩ።

ዝተጀመረ ፐርዩድ ዘሎዎ ሬሰኩርት ብመሰረት እዚ ዚስዕብ ሰሌዳ ይምለሰልካ፡-

ካብ መጽሓፍ ሓበሬታ ዘዋሪ ዝተወስደ ዚትርጕም ሰሌዳ ንበይኑ ይለኣኽ።

ዝተጀመረ ፐርዩድ ዘሎዎ ሬሰኩርት ብመሰረት እዚ ዚስዕብ ሰሌዳ ይምለሰልካ፡-

ዘገልግለሉ ዕለት	ዚምለስ % (ሚእታዊ) ዋጋ ካርድ
1	80 %
2	60 %
3	50 %
4	40 %
5	30 %
6	20 %
7	10 %